# ዝወዓለ ይንገርካ
# መወዳእታ ርእይቶ

ብወደባት፣ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)
ሚላኖ ኢጣልያ

ፍታሕ ጸገማትና ብኽመይ ይሓይሽ

ተመኩሮ ይምሃርካ ዳግማይ ድርዕቶ ከይድርዓካ ከም ዝበሃል፣ ዕውት ሃገራዊ ዋዕላ ካብ ዝመስከረልናን ዘረጋገጸልናን ተማሂርና ክንምህረሉ ንሓዋሩ እንቐስነሉ ባይታ ንምንጻፍ እቲ ክሳዕ ሕጂ ዝነበረ ምዕንቓፍ ዘኽትመሉ ኣብ ኢድና ስለ ዘሎ ካብዚ ዋዕላ ተበጊስና ናበይ ንምብጻሕን እንታይ ንምጥጣሕን መልሲ እንህበሉ ሰዓት ኣኺሉ እዩ።

ጸገምና!

ጸገም ስድራቤታትና እዚ ሕጂ ኣብ ናይ ሕስረት ወጥሪ ተወጢራ ዘላ ክብርቲ ሃገርና ዝኸፈለቶም ጀጋኑ ከካብ መቓብሮም ወጺኦም እንተዝዕዘብዎ ብተግባር እኩባን ጠላማት ህግደፍ ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታት መሰል ህዝብን ሃገርን ግህሰሳት መሕዘኖም ጥራሕ ዘይኮነ ንእቶም ሃገር ህዝቢ ተጠሊሙ እናበልና ኣኣብ ጎደታትና ኬንና እንድብል፣ ***<u>እቶም ዝጠለሙስ ሰብ ኣመል ንስኹምከ ንምምካቶም እንታይ ኣብቀቐኩም? ሃገርን ህዝብን እናተዘምቱ ሱቕ ትምሕትም እንታይ ኣበለኩም? ከምዝብሉናን ከምዝቕየሙናን ጥርጥር የልቦን።</u>***

ክኒኡ ኸኣ!

***<u>ኤርትራውያን ስለ ዝተወድኡ ካን ሕድሪ መብጸዓ ሰውኣን ዘኽብር ጠፊኡ? እዚ ድዩ እቲ ጅግንነት ኤርትራውያን መግለጽን መለለይን ኮይኑ? ካብ ምባልና ኣይምንሓፉን።</u>***

ኣብ ዝወዓልናዮ ዋዕላ!

እቶም ክሳዕ ሕጂ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ጉጅለ ሓሳዳት ሸፋቱ ህግደፍ ንጥልመቱ ንሓሳዳኡ ንሸፍትነቱ መሸፈኒ ኢሉ ወያኔ፣ በየን ክወሩና ደልዮም ወሪሮምናዶ እናበለ ዝሓሰዎን ዝሕስዎን ዘሎ ኩሉ ዓብላኺ ንፋስ ከም ዝነበረን ከም ዝኾነን ብወግዒ ብድሙፅ ርኢናን ኣረጋጊጽናን ኢና።

***<u>ነቲ ክሳዕ ሕጂ ዝነበሐ መንባሕቲ ይኹን ዘንቀላወጠ ግዕዘይነቱ ይኹን ህልው ባህርያቱ ብወግዒ ከሺሕናዮ ጥራሕ ዘይኮንና ንምድሃኹ ምሕካኹ ዝኽእል መድሃኒት ረኺብናሉ ኣሎና።</u>***

እዚ ክብል እንከሎኹ

ምናልባት ሓድሓደ ተበለጽቲ ዳግማይ ሓሳዳት እኩባን ሸፋቱ ህግደፍ ክኾኑ ዝጸናተው ዘለው ነዚ ብወገነይ ዝወሃብ ዘሎ ርእይቶ ከም ዝጥዕሞም ንኽጥዕሞም ኢሎም ከሸርፍዎ ክወራዘዩሉ ክፍትኑ ሓርኮት ምባሎም ኣይዝንግዖን እዩ። እዚ ኸኣ ብወግዒ ክሕብሮም ዝደሊ።

***<u>"ነቐፌታ ንምህሮ ንእርምታ ክኸውን ድኣ እምበር ብኡኡ ተጠቒምካ ንውልቀ ረብሓኻ ንምርካእ ወጠምጠም ዘብል ኣይኮነን።</u>***

እዚ ታሪኻዊ ዋዕላ፣

ሓቀኛ ትርጉሙ ክወሃቦ እንተኾይኑ እቲ ዋዕላ ዝግበር ሓሳባት ስርሓት ንኽሳለጽ ንጌታት ኣሪምካ ጥዑይ ባይታ ንምንጻፍ ድኣ እምበር ጌጋ ክርከብ የብሉን ዝበሃል እንተኾይኑ ወይ ዝእመን እንተኾይኑ እቲ ዋዕላ ይኹን ምትእኽኻብ ኣይመድለየን። ነዚ ሓቂ እዚ ኣሚንካ ምስ እትጎዓዝ ከኣ ኢኻ ኣብቲ ክኸውን ኣለዎ ዝበሃል ክብጻሕ ዝከኣል።

***<u>"ዝሓለፈ ኣኼባታት ጉባኤታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ይኹን ናይ እዞም እኩባን ሸፋቱ ህግደፍ ከምዚ ናይ ሕጂ ነቐፌታ ይኹን ርእይቶ ተዋሂቡ እንተዝነብር እቲ ከም ሓሰኻ ለመም ኢሉ ውሒጣ ገበል ዝኾነ ጉጅለ ሸፋቱ ህግደፍ ጌና ከይተበገሰ ምስ ተበንጠሰ ነይሩ ስለ ዘይኮነ ግን ዝወረደናን ዝወርደና ዘሎን ግፍዕታት ጥርዚ ተሳኢኑዎ ኣሎ።"</u>***

*ኣብዚ ተመርኪስና!*

*እቲ ጉድለታት እቲ ክእረም ኣለዎ ዝበሃል መምህርን ሃናጽን ክኾነልና ኣድላያይ ስለ ዝኾነ ንእቶም ዝጸናተው ናይ ጠቕረ ባሕተዎት ዝበሉ እንተበሉ መጓዕዝትና ኣይኮኑን ጥራሕ ምባል ዘይኮነ ዝውለድ ጠበቕ ሓሳዳት ህግደፍ ምዃኖም ምስ መዃልስቶም ኽንኩንኖም ኣወንታዊ እዩ።*

*እዚ ብሩኽን ዕዙዝን ሃገራዊ ዋዕላ፥*

*እቲ ምትግባሩ ጥራሕ ዓቢይ ብስራት ቅሳነት ህዝቢ እዩ፣ ተተግቢሩ ኸኣ ነቲ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ብሃንቀውታ ዝጽበዮ ፍትሕን ቅሳነትን ተሓባሓብነትን ዓቢይ ባይታ ኣንጺፉ እዩ። ነዚ ባይታ እዚ ኸኣ ብጽፉፍ ክንምርሽሉ ዘሎና ከካብ ጉድለትና ክንመሀራ ክንምህር ድኣ እምበር ከነማዕድው ክንወራዘ ኣይኮነን።*

*ብወገነይ ካብ ዝተመሃርኩሉ!*

*ኩሉኹም ከም እትፈልጥዎ ኣነ ዓቕመይ ብዝፈቐዶ ንኡኩባን ጠላማት ህግደፍ ካብ ነዊሕ ዓመታት ማለት* (1975) *ኣትሒዘ ተሪረ ዝተቓወምሉ ጌና እውን ካብ ሱር መሰረቶም ተሓግሒጎም ክሳዕ ኣብ ህሞት ዝንሓፍ ኽቃወሞምን እንታዎትነቶም ከቃልዑምን ዝዓጠቕኹ እየ።*

*ኣብ ጉዕዞ ተቓውሞይ!*

*ብዙሕ ተጻብኦታት ዘለፋታት እውን ተጓኒፉኒ ይኹን ድኣ እምበር ክምህ ከይበልኩ ብምቕጻለይ ሎሚ ኣሹንኳይዶ እቲ ኣነ ዝብሎ ካብቲ ናተይ ዝመረረ ኣበሃህላታት እውን ብኹሉ ሸነኻት ምስመዔይ ብዙሕ ሕጉስ እየ። ሓጎሰይ ግን ዕለታዊ ምውላድ ተቓውሞ ውድባት ሰልፍታት ምብዛሔን ስክፍታታት ኮይኑኒ ንሓደ መሓውር ዘይብሉ ሸፍትነት ክሳዕ ከንደዚ ውድባት ሰልፍታት ክህልዋ እንታይ ኣድለየ ካብ ዝብል እታ ጥርናፌን ሓደ ኬንካ ምምካትን ስለምንታይ ይጽላእ እንታይ ገለ ዘይተገልጸ ኣሎ ዝብል ሓሳባትን ጥርጥራትን እውን ኣሕዲረ እየ።*

*እቲ ተቓውሞ!*

*ህዝቢ ተጠሊሙ ንብረት ህዝቢ ሓሲሙ መሰል ህዝቢ ተሓቲሙ ይበሃል እሞ ነቲ ናይ ህዝቢ ዊንታን ባህግን ንምርካእ ንብስምዳ ዝዓበደ ጉጅለ ሸፋቱ ህግደፍ ምድፋእ ምሕካኽ ምጥፋእ እንታይ ውድበይ ውድብካ ሰልፈይ ሰልፍኻ ክሳዕ ክንደዚ ብዝሒ ጉጅለታት ኣድለዮ?*

*ሰዓቱ ኣኺሉ ግን፥*

***<u>እዚ ብሩኽ ሃገራዊ ዋዕላ ብዙሕ ምህሮ ሓዘል ኣርኣያ ኣርእዩና እዩ።</u>***

*ንሱ ኸኣ!*

*ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ኤርትራ ጸገም ፖለቲካ ድዩ ጸገም ግበታ ጉጅለ ጠላማት ፈሊና ክንርእዮ ክንምምዮ ዘይበቓዕና ከይንኸውን ዘብል እዩ። ከምኡ እውን ህላዌ ፖለቲካ ከመይን መዓስን ክንመምዮን ክንግምግምን እናተገባኣና ጸገማት ብፖለቲካዊ ውደባ ክንፈትሑ ዝጽዓር ኩሉ ኣብ ንሕና እባ ንሕና እባ እናኣዋጠጠ እናኣማጠጠ ከተሃልኽ እንተዘይኮይኑ ነዚ ብህጹጽ ፍታሕ ዝጽበ ዘሎ ስድራቤታት ኤርትራ ኣብ ዘይምህላውን ኣብዘይምቅድዳውን በጺሑ ድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቆላ ኣብ ዝኣመተ ጥፍኣት ከየእትወና ዘሰግእ እዩ።*

*መስርሕ ፖለቲካ፥*

*ኣብ ምሉእ ዓለም ኣወንታ እዩ ብቕዓት ኣወንታኡ ኸኣ ምንቅስቓሱ ህዝቢ ብዝነደፎ ዘጽደቖ ቅዋመ ሕጊ ምስ ዝፈቕዶን ዝቕይዶን ድኣ እምበር ህዝቢ ህዝቢ እናበልካ ባዕልኻ ብርእይቶኻ እትምስርቶ እትህውትቶ ፕሮፖጋንድ ኣይኮነን። እኳ ድኣ!*

"***<u>ንትምክቶ ዘሎኻ ጥልመት ኣውዲቕካ ሓግሒግካ ዳግመ ጥልመት ዘከናውኑ ጉጅለ ኣብ ምትካእ ጥራሕ ኢኻ ትበጽሕ።</u>***"

*ተቓወምቲ ውድባት፥*

*ይሰምራ ይስበራ ካብ ዝበሃል ነዊሕ ዓመታት ኮይኑ እዩ። ካብ ህላዌኤን ዘንጸባረቖኦ ክሳዕ ሕጂ ሓድነተን ስምረተን ኣደልዲለን ንሓሳዳት ጉጅለ ጥልመት ህግደፍ ምሕግሓጉ ይትረፍ ነቕ ከብልኦ ዘይመብቕዒኤን ሓይሉ ተሪሩ ኣይኮነን ከተንፍሰሉ ዝኽእል ሃንፋት ማለት ኣብቲ ዘይምቅድዳወን ሕድሕድ ውድድራተን ዘሎ ነቓዓት ተጠቒሙ ጸላእቱ መሰል ኣብ ሞንጎኤን ተኺሉ ብስቱር ምሓውራቱ ስለ ዝዝርዝር እዩ።*

ከምዝተዓዘብናዮ

ብዝሔ ውድባት፣ ሰልፍታት ኣብዚ እዋን እዚ እቲ ተቓውሞ ኣብ ክንዲ ነቲ ንህዝቢ ሓሊኹ መሊኹ ተገቲሩ ዝጭፍልቖ ዘሎ ጉጅለ ጥልመት ህግደፍ ዝድክር (ዝሃርም) ኣብ ነንሕድሕዱ ብፍልስፍና ክጨማመት ክወራዘ ንጉዳይ ህዝቢ ድሕረት ገዲፉዎ ኣሎ እዚ ኸኣ ብዝኾነ መልክዕ ኣሉ ክበሃል ይድለይ ድኣ እምበር ዕለታዊ ተርእዮ ኾይኑ ከም ዘሎ ግሉጽ እዩ።

ከምዚ ኢሉ ዝጓዓዝ!

ደምበ ተቓውሞ ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓደ ክሕይል ክነብር ንህዝቢ ሓላያይ ኮይኑ ክወፍር ኢልካ ምሕሳብ ንነብስኻ ምቕሻሽ ንኣእምሮኻ ምዕሻው እዩ። ነዚ ገደብ ከይተገብረ ኸኣ እኩባን ሸፋቱ ህግደፍ ኣብቂያም እዮም ክትብል ክትድብል ንሰማዕን ንዓኻን ከተታልል ማለት እዩ።

ውድባት ኣይሃልዋ ማለት ኣይኮነን፡

ህላዌኤን ግን ከምቲ ልዕል ኢለ ገሊጸዮ ዘሎኹ ንኣወፋፍራኤን ንምንቅስቓሰን ዝከታተል ዓንደ ሕጊ ዝጸደቐ ክህልው ናይ ግድን እዩ። ቀያዲ ሕጊ ምስ ዘይህልወን ካብዚ ኣብ ስግር ዶባትና (ከም ሶማል) ዝርኤ ዘሎ ቅልውላዋት ዝኸፈኤ ከስዕብ እንተዘይኮኑ ራህዋ ቅሳነት ከምጽእ እዩ ዝብል ሰብ እንተኣሎ ኢሓላፍነታዊ ብደም ሰብ ተሓጺቡ ዝሓዊ ከም ጩግራፍ ሃሪሙ ዘእዊ ጥራሕ እዩ እሞ መጻኢ ህይወት ኤርትራን ኤርትራውያን ከምኡ ዓይነት ኣሸንኳይዶ ክንደልዮ ብማዕዶ ተሰሚዑ ክበሃለና እውን ዘይንምነዮ እዩ።

ኣብቲ ክቡር ዋዕላ ተሰሚዑ እዩ!

"ካብ ኪዳን ወጻኢ 18 (ዓሰርተውሰሾምንተ) ውድባት ኣሎና

እዘን ውድባት

1. መቐሚኤንን ዘሎ እከይን ሓሳድን ጉጅለ ሸፋቱ ህግደፍ ንምሕግሓግ ድየን ቆይመን ኣብ ዝመጽእ ምሕደራ ሃገር ኤርትራ ከመሓድራ መደብ ዕላማኤን?
2. እቲ ኪዳንን ተጠርኒፍናን ዝብሉ ውድባትን ከ እንታይ እዩ እቲ ዕላማኡ?

ነዚ!

ኣነጺሮም ካብ ሕጂ እንተዝነግሩ ጽቡቕ ነይሩ ለሚድናዮን ተመኪርናዮን ስለዝኾንናን ብተስፋታት ስለ ዝሰካሕናን ግን ዕቃቤታትና ኣሎና፡ መሪሕ ዕቃቤና ካብ ዝመሃረና ግን፡ እቲ ንህግደፍ ምሕግሓግ ይኹን ኣሰሩ ወይ ተመሳሰልቱ ከይቅልቀሉ ምግባር ናትና ሓላፍነት ስለዝኾነ እቲ ዝሕሸናን ዝምእምኣናን ባዕልና ክንውስኖ ናይ ግድን እዩ።

እቲ ዝሕሸና!

ግዜ ከይጠፈኤ ህዝብና ምድሓንን ኣብ ሸንኮለል ምንባር ምጥንጣንን ንጽባሕ ኣርባሕ ህዝብና ህይወታት ንምስራትን ነቲ ክሳዕ ሕጂ ኣገቢሉ ብደም ህዝቢ ደቢሉ ዝነብር ዘሎ ጉጅለ ጠለማት ህግደፍ ነዚ ክገብር ካብ ዝፈጠሮ መደብ ክንነቕል ይግባእ።

ንሱ ኸኣ!

ንመንውሕ ዕድመ ህላዌኡ ከጠዓዕም ኣብ ፍቖዶኡ ጽልእን ቅርሕምትን ነዚሑ ምስ ብመውስቦ ከይተረፈ ቤተሰብነት ዘሎና ተዳወብትና ኣብ ዘይተደልየን ዘይተሓልመን ምድማይ ኣእቲዩና በቲ ዝተዛሕዘሐ ደም ክኣ ሎሚ ከም ዕዳጋ መንበሪኡ ክጥቀመሉ ዝነብሖ ዘሎ ደው ኢሉ ኣብ ነባሪ ፍቕሪ ምክብባርን ምትሕልላይን ዘንብር ባይታ ብዘይወዓል ሕደር ከነፍሪ ናይ ግድን እዩ።

ነተን ንሱ ንኽነብር ኢሉ ዝበተኾን ፈትልታት እንተድኣ ኣርኒብናየን ኣመዓራሪናየን መንበሪ መተንፈሲ ክረክብ ስለ ዘይኽእል ጥይት ቶግ ከየበልና ጢጥ ኢሉ ከም ዝሃድም ጥርጥር የልቦን።

ክኒኡ ኸኣ

እቲ ተረዳዲኡ ኣብ ነባሪ ህይወቱ ዘመዓራርይ ህዝቢ ነዚ ናይ እዞም ተምሳል ሰብ ዘለዎም ኣዛብእ ይኹኑ ተኃልቢቦም ዘለው መዳኽርቶም ፍሕት ዘይብሉሉ ገደብ ስለ ዝግበር ንመጻኢ ወለዶና እነርክቦ ቅሱን ህይወት

*ባይታ ይንጸፈሉ እዩ እሞ ናብዚ ከምዚ ዘኣመሰለ ኣተኩሮ እንተነተኩር ብክቡራን ሰውኣትና ዝተዋህበና ሕድሪ ኣኽቢርና ክንብል ምበቓዕና።*

*ክቡራት ክቡራን!*

*ነዚ ልዕል ኢለ ጠቒሰዮ ዘሎኹ ዝምልከት ተበግሶ ኣብ ቀጻሊ ጽሑፈይ ከመሓላልፈልኩም እየ እሞ ክሳዕ ሽዑኡ፤ ሰናይ ቅነ*

*ብወደባት ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፈሊፖ)*
*ሚላኖ-ኢጣልያ*